# ሃገራዊ ጉባኤ ንደሞክራሲያዊ ለዉጢ ሎሚ ኣብ ኢትዮጵያ ብወግዒ ተኸፊቱ ።

ኣስታት 550 ካብ መላእ ዓለም ዝተሳተፍዎ ኤርትራዉያን ሃገራዊ ጉባኤ ንደሞክራሲያዊ ለዉጢ ሎሚ ሰኑይ ኣማስይኡ 21 ሕዳር 2011 ኣብ ደቡብ ኢትዮጵያ ብወግዒ ተኸፊቱ ። ኣብቲ ነቲ ብኣዳላዉነት ኮምሽን ሃገራዊ ጉባኤ ንደሞክራሲያዊ ለዉጢ ተዳልዩ ኣብዚ ናይ መኽፈቲ ስነስርዓት በጺሑ ዘሎ ጉባኤ፡ ብበረኸትን ጸሎትን መራሕቲ ብወግዒ ተኸፊቱ ድሕሪ ምኽፋቱ ኣቦ ወንበር ኮምሽን ኣቶ ኣምሃ ዶመኔኮ ናይ እንቋዕ ደሓን መጻኹም መደረ ኣስሚዑ።

ኣብዚ ብሉዑል መንፈስን ሃገራዊ ኒሕን ዝመልኦ ኩነታት ተጋቢኡ ዘሎ ጉባኤ ንደሞክራሲያዊ ለዉጢ ኣብ ዝተኸፈተሉ ህሞት ወኪል ናይቲ ኣብ ኢትዮጵያ ኣብ ስልጣን ዘሎ ሰልፊ ኢህወደግ ናይ ደገፍ ቃል ኣቕሪቡ። ብድሕሪ እዚ ካብ ዝተፈላለዩ ወገናት ናብ ጉባኤ ዝተላእኩ ናይ ሰናይ ትምኒትን ደገፍን መልእኽትታት ይቐርቡ ኣሎዉ።

ጉባኤ ካብ ዝተፈላለዩ ኣካላት ሕብረተሰብና ዝመጹ መንእሰያት ተማሃሮ፡ደቂኣንስትዮ፡ ኣቦታት ኣዴታት ተቓለስትን ኣባላት ሲቪላዊ ማሕበራትን ወዘተ... ብምስታፍ ነቲ ናይ መኽፈቲ ስነ - ስርዓት ኣድሚቕሞ ኔሮም።

ኣብቲ ናይ መኽፈቲ ስነ - ስርዓት ኣቦ-ወንበር ኮምሽን ኣቶ ኣምሃ ዶመኒኮ ኣብዚ ሎሚ ኣዋን ሃገርና ኣብ ፍጹም ምንቁልቋል ኩሉ መዳያዊ ኩነታት ኣትያ ከምዘላ ብምሕባር ሎሚ ኩነታት ሃገርና ህጹጽነት ንድሕነት ጠሊቡ ዘሎ ኩነታት ከምዘሎ ኣብ መደርኡ ኣስሚርሉ።

ብድሕሪ እዚ መራሕቲ ሃይማኖታት ክርስትያንን እስልምናን ብኣቦታት ሼኽ ዓብደላ ኢብራሂም ቐሺ ፕሮፈሰር ኣባ ኣታናሲዮስ ገብርኣብ  ካብ ባህላዊ መራሒ ሃይማኖት ኩናማ ኣቦና ኡምብርጆ ባዮ፡ ወኪል ካቶሊካዊት ቤተክርስትያን ኣባ ተወልደብርሃን ጸጋይ ዝሰደድዎ መልእኽቲ ብኮምሽነር ኪዳነ ተኽለ ቀሪቡ ኩሎም ብሓደ ቃል ህዝቢ ኩሉ ፍልልያቱ ኣጽቢቡ ብዙሕነቱ ኸኣ ሓድነቱ ምዃኑ ብምእማን ቀንዲ ጸላኢኡ ካብ ዝኾነ ፍርሕን ራዕድን ተናጊፉ፡ ነቲ ንህዝብናን ንሃገርናን ዘጽንት ዘሎ ስርዓት ብትብዓት ከቃለሶን ንፍትሕን ደሞክራሲያዉን ለዉጢ ጠጠው ክብል ኣትሪሮም ጸዊዖም፡ ብዘይሓደ ምኽንያት ኣብ ልዕሊ ህዝቡ ዉግእ ንዝኣወጀ ስርዓት ኩሉ ዓይነት ነብሰ ምክልኻል ህዝቢ ክገብር እዉን መጽሓፈ ቁዱሳንን ቁርኣንን ብምጥቃስ መኺሮም።

ብድሕሪ እዚ ንሰልፊ ኢህወደግ ብምዉካል ኣብቲ ጉባኤ ዝተሳተፈ ኣቶ ሪድዋን ሑሴን ኣብ ዝስምዖ መደረ ” ህዝቢ ኤርትራ ዝተቓለሰሉ ዕላማ ኣብ ሸትኡ ከምዘይበጽሕ ጌሩ ህግደፍ ብዝተኸሎ ዓማጺ ስርዓት ሎሚ ህዝቢ ኤርትራ ብኩሉ መዳዩ ሰብኣዉን ደሞክራሲያዉን መሰላቱ ዝተረገጸ ህዝቢ ክኸዉን በቒዑ። ድሕሪ ምባል ” እዚ ንህዝቡን ጎረባብትን ጸረ ሰላምን ምርግጋእን ኮይኑ ዘሎ ዓማጺ ስርዓት ብምቅላስ፡ ኣብ ክንድኡ ደሞክራሲያዊ ስርዓት ብምትካል ንዝግበር ዘሎ ጻዕሪ ተቓለስቲ ኤርትራዉያን ህዝብን መንግስትን ኢትዮጵያ ካብ ዘሎዎ ሕዉነታዊዉን ሰናይ ጉርብትናን ብምብጋስ ዘየቋርጽ ደገፍ ብምግባር ኣብ ጎንኹም ጠጠው ክብል ምኻኑ የረጋግጸልኩም ” ብምባል ንጉብኤኛታት መደረ ኣስሚዑ፡ ኣስዒቡ ኣቶ ሪድዋን ” ስርዓት ህግደፍ ነዚ ንኹሉ ኩነታት ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ተቐጻጺሮም ንህዝቢ ኤርትራ ፍድኡ ዘርኢዎ ዘሎዉ ጉጅለ ህግደፍን ዉሑዳት ሰዓብቶምን ከምዚ ዝኣመሰለ ኣካይዳ ሒዞም ንኽኸዱ ዘኽኣሎም፡ እቲ ኣንጻሮም ክቃለስ ዝጸንሐ ሓይሊ ተቓዉሞ ተጠራኒፉ ኣድማዒ ንጠፈት ከካይድ ብዘይምኽኣሉ ምዃኑ ድሕሪ ምእማት፡ እዚ ጉባኤ ንመሰረታዊ ሕጽረታት ብምዕራይ ዝሓሸን ዝተወደበን ኣድማዒ ስራሕ ዝሰርሕ ናይ ለዉጢ ሓይሊ እዚ ጉብኤ ሒዙ ወጽእ ዘሎዎም ተስፋ ብምምናይ ጽቡቕ ዕድል ተመንዩ፡፡

ብድሕሪ እዚ ወካሊ ህዝብታት ደቡብ ኢትዮጵያ እዉብ ተመስሳሊ ቃል ኣስሚዑ፡ ኣቦ -ወንበር ኤርትራዊ ደሞክራሲያዊ ኪዳን ኣቶ ተወልደ ገብረስላሴ ብዓረብኛን ትግርኛን ኣብ ዘቕረቦ መደረ ሃገራዊ ኮምሽን ከምዚ ዝኣመሰለ ጉብኤ ብምድላዉ ዘርእዮ ትጉህነትን ከምኡ እዉን ጉብኤ ዕዉት ንኽኸዉን ዝጻዓሩ ኩላቶም እንቋዕ ሓጎሰኩም ድሕሪ ምባሉ፡ ጉብኤ ዕዉት ክኸዉን ተመንዩ።

እዚ ኣስታት 550 ተስተፍቲ ዘሎዉዎ ጉባኤ ናይ መኽፈቲ ስነ ስርዓት ድሕሪ ምዝዝዛሙ ቆጸርኡ ንጽባሕ ጌሩ ናይ ሎሚ ዉዕልኡ ዛዚሙ።

ሜዲያ መርበብ ሲቪላዊ ማሕበራት ኣብ ኤዉሮፓ

ካብ ቦታ ጉብኤ

21 ሕዳር 2011